# ኳሕኳሕቲ!!

## ብኣባጥመር

ዕድመ ህግደፍ ክነውሕ ዝለመነ
ኣሎኻዶ ኣሕመድ ሳሊሕ ሓነነ
ብልማኖ ህግደፍ ዝተቓነ
ፈኩስ ከም ታኒካ ሸሓነ።

ኣብ ጂዳ ኣብቲ ከባቢ ቆልለ
ኣሕመድ ሳሊሕ ሓነነ ኮለል
ልማኖ ግደፍ ከይትጽለል
ታሪኽ ወሎዶኻ ከይብለል።

ሓነነ ኣንታ መጽረፊ ሰቡ
ኣብ ክንዲ ስራሕ ልማኖ ቀለቡ
ብዘይ ውዕለት ኣብ ህግደፍ ተዓሲቡ
ደንቀኑሩ ተሪፉ ከይጸረየ ልቡ።

ዝኑብ ልቢ ዘይበሰለ ኣእሙሮ
ብዘይካ ልማኖ ዘይሓለፎ ምህሮ
ገዛ ገዛ ምኹሕኳሕ ዘየሕፍሮ
ግፍዒ ህዝብና ዘይስቆሮ።

ኣንቱም ዕሱባት ህግደፍ ለመንቲ
ወጽዓ ህዝቢ ዘይርደኣኩም ኣጋንንቲ
ኣላትኩም እኮ ሓንቲ መዓልቲ
ህዝቢ ክፈርደኩም'ዩ በብሓንቲ።

ከም በዓል ሓነነ ጸረ ህዝቢ
ክልምኑ ዝውዕሉ ብዘይ ዓስቢ
ለመንቲ ጥፍኣት ዘይተዓደሉ ልቢ
ኮለል ክብሉ ረጊሙዎም ረቢ።

ዓለላህ በልዎም ኣይትትኮብሎም
ገዛ ገዛ ምኻድ ኪገድፉ ኣመሎም
ገዛ ዕጸዉ ኣይትስምዕዎ ቃሎም
ኣብቲ ኣፍ ገዛ እሾኽ ትኽሉሎም።

ኮራኹር ህግደፍ ኣንቱም ኣናብር ውሻጠ
ምስ ምልኪ ወጊንኩም መሰልና ዝሸጠ
ሓርነት ነፊጉ ክብሪ ህዝቢ ዝቖንጠጠ
ዕላማ ህዝብና ናብ ምልክነት ዝለወጠ።

በዓል ሓነነ ኳሕኳቲ ኣናጹ ኣፍደገ
ንህግደፍ ደጊፍኩም ሰላምና ዝዘረገ
ብህግደፍ እናተኣስረ ዋላ ዝኣረገ
እንታይ ኣምረጸኩም ምልኪ በዓለገ።

ኣብ ኣስመራ ልማኖ ተኸልኪሉ
ኣብ ጂዳ ንሓነነ ተፈቒዲሉ
ገዛ ገዛ ኳሕኳሕ ኣቱም በዓል ኣሉ
ነቲ ውጹዕ ህዝብና ሰቢርኩሞ ቃሉ።

ኣብ ጂዳ ለማኖ ህግደፍ በዚሖም
ያረብ ያከሪም ዝብሉ ገዛውቲ ኳሕኩሖም
ህግደፍ ካብ ልማኖ ኮይኑ ድራሮም ምስሓም
ደጊም ኪንሓፉ ኢዮም ውሑድ'ዶ ጸኒሖም።

ከም በዓል ሓነን ለመንቲ ናይ ምልኪ
ህግደፍ ኣብሊዕዎም ፈውሲ ሕንኪ
ንሶም ይልምኑ ህዝብና ይበኪ
ኣብ ገዛእ ሃገሩ ከሊኦሞ ብርኪ።

ሓነነ ነውሪ ዘይፈልጥ ጽሉል ከልቢ
ህዝብና ኪሒድካ ናይ መስዋእቱ ዓስቢ
ዉሕ ዉሕ ገዛ ገዛ ወጺዑካ ረቢ
ሰብ ትምስል ዘይተዓደልካ ልቢ።

ደሓን ንኹሉ ጊዜ ኣሎዎ
ክንቃለስ ኢና ንህግደፍ ክንዓልዎ